RINGERIKE KOMMUNE

TIGRINJA

# መውዓል ሕጻናት – ጽቡቕ ጅማሮ!



ኣብ መውዓል ሕጻናት፡ ውሉድካ ኖርወጅያኛ ኽመሃር፡ ምስ ካልኦት ቈልዑ ክላለ፡ ንስሩዕ ትምህርቲ ክዳሎ ዘኽእሎ ኣጋጣሚ ይረክብ እዩ።

መውዓል ሕጻናት ንውሉድካ ውሕስነት ዘለዎ ቦታ እዩ።

ውሉድካ ኣብ መውዓል ሕጻናት ቦታ ኽረክብ ኣመልክት። በዚ ኸምዚ ጽቡቕ ጅማሮ ኽህልዎ እዩ።



## መውዓል ሕጻናት ንውሉድካን ንዓኻን ኣገዳሲ እዩ

መውዓል ሕጻናት ንድሕንነትን ንዕርክነትን ንምዕባለን ጠቓሚ ዝኾነ ቦታ እዩ። ውሉድካ ብጻወትን ካልእ ንጥፈታትን ኣቢሉ ይመሃር እዩ።

መውዓል ሕጻናት ሓደ ኽፋል ስርዓተ ትምህርቲ እዩ።
ኣብ መውዓል ሕጻናት፡ ውሉድካ ኖርወጅያኛ ኽመሃርን ባህሊ ኖርወይ ክፈልጥን እዩ። ቅድሚ ስሩዕ ትምህርቲ ምጅማሮም ኖርወጅያኛ እተማህሩ ቈልዑ፡ ኣብ ስሩዕ ትምህርቲ ምስ ኣተዉ ጽቡቕ ይነጥፉ እዮም።

ቈልዑ ኣብ ሓደ እዋን እተፈላለየ ቋንቋታት ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም። እቲ መውዓል ሕጻናት ከኣ ቈልዑ ቋንቋ ኣዲኦም ከማዕብሉ ክሕግዞም እዩ።

ኣብ መውዓል ሕጻናት፡ ወለዲ ምስ ካልኦት ወለዲ ሕጻናት ክራኸቡ ኣጋጣሚ ይኸፍት።

## መውዓል ሕጻናት ውሕስነት ዘለዎ እዩ

ቈልዑ ብቕዓት ትምህርቲ ብዘለዎም ዓበይቲ ክንክን ይግበረሎም እዩ። ወለድን ሰራሕተኛታትን ንደቆም ብዛዕባ

ዝሓይሽ ነገራት ተሰማሚዖም ይዓዩ እዮም።

ሕጊ መሰል ሕጻናት ውድብ ሕቡራት ሃገራት:- ዓበይቲ ንቈልዑ ዝሓይሽ ነገር ክገብሩ ኣለዎም።



## ውሉደይ ኣብ መውዓል ሕጻናት ጽቡቕ ከም ዘሎ ብኸመይ ክፈልጥ እኽእል፧

ምስ ሰራሕተኛታት እቲ መውዓል ሕጻናት ናይ ቀረባ ርክብ ክትምስርት ትኽእል ኢኻ።
ብዛዕባ ውሉድካ ምስ ሰራሕተኛታት እቲ መውዓል ሕጻናት ክትዛራረብ እውን ኣጋጣሚ ኣሎካ።

ኣብ መውዓል ሕጻናት እቶም ቈልዑ ኣዕሩኽ ይረኽቡን ይጻወቱን ባህ ኣብ ዘብሎም ንጥፈታት ይካፈሉን እዮም።

## ንመውዓል ሕጻናት ክንደይ እየ ዝኸፍል፧

ብዛዕባ ዋጋ ክፍሊት መውዓል ሕጻናት ኣብ ናይ ሪንገሪከ ኮሙነ ወብ ሳይት ሓበሬታ ኽትረክብ ትኽእል ኢኻ:-
www.ringerike.kommune.no/barnehager

በዚ ዝስዕብ ኩነታት ዝወሓደ ክፍሊት ክትከፍል ወይ ኣብ ሰሙን 20 ሰዓት ብናጻ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ:-

- ውሑድ ኣታዊ እንተ ኣልዩካ ወይ ከኣ
- ኣብ መውዓል ሕጻናት እተፈላለዩ ቈልዑ እንተ ኣልዮምኻ

ብዛዕባ እዚ ዝያዳ ሓበሬታ ኽትረክብ እንተ ደሊኻ፡ ናብ ክፍሊ ወሃብ ኣገልግሎት ምምሕዳር ከተማ ደውል።

ተሌፎን:- 32 11 74 00
ኢመይል:- servicetorget@ringerike.kommune.no

## ናይ መውዓል ሕጻናት ቦታ ንምርካብ ብኸመይ ከመልክት እኽእል፧

ቦታ ንምርካብ ኣብቲ ኣብ ወብ ሳይት ናይቲ ኮሙን ዘሎ ናይ መውዓል ሕጻናት መመልከቲ ክፋል ኣቲኻ ኣመልክት:-
www.ringerike.kommune.no/barnehager

RINGERIKE
KOMMUNE

# ከተመልከት ክንሕግዘካ ንኽእል ኢና!

ኣብቲ እትነብረሉ ኸባቢ ኣብ ዘሎ ማእከል ጥዕና ወይ ከኣ

ኣብ ቤት ስድራቤትር (Familiens hus) እትሰርሕ ነርስ ነቲ መመልከቲ ቅጥዒ ኽትመልእ ኽትሕግዘካ ትኽእል እያ።




ብዛዕባ ኣገዳስነት መውዓል ሕጻናት ኣብዚ ዝስዕብ ኣንብብ፡-

www.ringerike.kommune.no/multilingual

ንውሉድካ ናብ መውዓል ሕጻናት ከም ዝኸይድ ግበር!